**Eritreischer Verein 2 010 für Menschen mit Behinderung e.V.**

**Eritrean Disabled Association**
**ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ**

# <u>ዘሕጉስ ሓበሬታ</u>

ነቶም ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ዝሰንከሉ ጀጋኑ ኣሕዋትናን ብጾትናን ንምሕጋዝ ኣብ ከተማ ስቱትጋርትን ትቢንገንን ከባቢኡን ንዕለት 24-11-2018 ኣብ Heilbronner strasse 107 stuttgart ተጸዊዑ ዝነበረ ዕድመ ዕለቱን ሰዓቱን ብምኽባር ብርክት ዝበሉ ዕድመኛታት ተረኺቦም ዕዉት ዝኾነ ኣኼባ ተኻይዱ።

ኣብዚ ብማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራን፣ ብምሉእ ምትሕብባር ማሕበር ምትሕግጋዝ ስቱትጋርትን ዝተጸወዔ ኣኼባ ሓው ኣፈወርቂ ኣባይ ኣባል ምምሕዳር ማሕበር ኣካለጽጉማን ኤርትራን ንጥፍቲ ኣባል ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ብጻይቲ ትርሓስ ኣማኑኤልን፣ ካልኦት ግዱሳት ብጾትን ተረኺቦም። ንህሉው ኩነታት መደበር ከሰላ ተንቀሳቀሲ ስእሊ ብምርኣይን፣ ተወሳኺ ኣቋም ማሕበር ኣካለ ጽጉማት ኤርትራን ብቃል ብምግላጽን ኩሎም ኣኼበኛታት ዝተዋስእሉ ንመጻኢ ዕብየት ማሕበር ዝምልከት ኣጀንዳ ብምልዓል ሓባራዊ ርእይቶን ለበዋን፣ ምኽርን ብምልውዋጥ ካብ ሰዓት 16.00 ክሳዕ ሰዓት 21.00 ዝወሰደ ጊዜ ሰናይን ሕጉስን ምሸት ኣምስዩ።

ኣብዚ ምሸት እዚ ኣኼበኛታት ብናይ ብጻይና ሓምድ ኣደም ሳልም መስዋእቲ ሓዘኖም ገልጾም።

ብድሕሪዚ ካብ ፊቱ ፍትፍቱ፣ ካብ ፍትፍቱ ፊቱ ከም ዝብሃል ኣኼበኛ ነዚ ማሕበርዚ ንምሕጋዝን ንምትሕብባርን ድሉው ምዃኑ ኣብ ርእሲ ምግላጽ፣ 945.00 (**ትሽዓተ ሚእቲን ኣርብዓን ሓሙሽተን ኤውሮ**) ንማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣስተዋጽኦ ገይሩ።

ረድዮ ስቱትጋርት ንጻዋዒት ዕድመ ማሕበር ንምቅላሕ ዝገበሮ ተደጋጋሚ ጸዋዒት፣ ብስም ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኰይንና ክብ ዝበለ ምስጋና ነቕርብ።

ብምኽንያት ስራሕ ኣብዚ ኣኼባዚ ዘይተሳተፉ ኣካላት ብሕሳብ ባንክ ኣቢሎም ክሰዱ ምዃኖም ንኣምን።

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራን
ምትሕግጋዝ ማሕበር ስቱትጋርትን